# ሓዲሽ ምዕራፍ ኣብ ከተማ ስያትል

ኣቶ ሮቤል ኪዳነ፣ ናይ ስነኣእምሮ ክኢላ፣ ንኽልተ ሰሙን ኣብ ዝሃቦም ዝተፈላለዩ ኣስተምህሮታት፣ ኣስታት 1,500 ተቀማጦ ስያትልን ከባቢኣን ተሳቲፎምዎ። ብሰነ 2-3 ሓፈሻዊ ዝኾነ ናይ ብሙሉ ምንባር ብዝብል ኣርእስቲ ኣስፊሑ ክገልጽ እንከሎ፡ ዝተፈላለዩ ናይ ህዝብና ጠባያትን ልምዳዊ ኣተሓሳስባን እናጠቀሰ ብዋዛን ቁምነገርን እንዳኣዘናገዔ በቲ መብዛሕትኡ ህዝብና ክርድኦ ዝኽእል ቃንቓን ኣገባብን ሃናጺ ዝኾነ መልእኽቲ ኣመሓላሊፉ።

ከምኡ'ውን ብሰነ 9-10፣ ንደቀንስትዮን ደቂተባዕትዮን ነንበይኖም ኣኪቡ ነቲ ናይ ጾታ ፍልልያት እንዳጠቀሰ ብኸመይ ድማ ፍልልያትና ኣጸቢብና ነዛ ናብራና ከነሐይላ ክንጽዕር ከምዝሎና ኣብሪሃልና። እዚ ዓይነት ኣቀራርባ ንደቂተባዕትዮን ንደቂኣንስትዮን ነጻ ኮይኖም ክሓቱን፣ ሓሳባቶምን ንክገልጹ ምቹእ ባይታ ስለዝፈጠረሎም፡ በቲ ዝተሰማዎም ናይ ሓዲሽ መንፈስ ለውጢ ዓጊቦም፡ ንመጻኢ ህይወቶም ሕጉሳት ኮይኖም ንኽሕልፉዎ ተጊሆም ክጽዕሩሉ ምኻኖም ንነብሶም ቃል ኣተወሉ።

ኣብዘን ዝተፈላለያ ሰሚናራት ዝተሳተፉ፣ ካብ ኩለን ናይ ህዝብና ዓለማውያን ማሕበራትን መራሕቲ ሃይማኖትን ተወኪሎም ነበሩ። እቲ ኣብ መንጎኦም ዘሎ ንኣሽቱን ዓበይትን ፍልልያት ንኽጽብብዑን ክኣልዩን ጥጡሕ ባይታ ተፈጢሩሎም ከምዝሎ'ውን ተገንዘቡ። ኣብ ገገዛናን ሕብረተሰብናን ራህዋን ቅሳነትን ምስኣን ድማ ሳዕበኑ ናባና ጥራይ ተሓጺሩ ከይተረፈ፣ ናብ ደቅና ሓሊፉ ንኽልና ከሳቕየና ይርከብ ከምዝሎ'ውን ዝተፈላለዩ ተሳተፍቲ፣ ብሕልፊ ድማ ካብ መንእሰያት፣ ኣምሪሮም ተዛሪቦም።

መብዛሕትኡ ህዝቢ ስያትልን ከባቢእን ኣብ ናብራኡ ንለውጢ ተዳሊዩ ከምዝነበረ ብዝተፈላለየ መንገዲታት በዘን ዝሓለፋ ሰሙናት ከርእን ክገልጽን ተረኺቡ። ተሪፉቶ ዝነበረት ነታ ለውጢ ደፊኡ ዝጀምራ ጥራይ እዩ ነሩ። ሎሚ ግና ሓወና ኣቶ ሮቤል ኪዳነ ነታ ናይ ለውጢ ማዕጾ ፍንቕቕ ምስ ኣበለልና ኩልና በታ ሓንቲ ማዕጾ ክንሓልፍ ተደፋፊእና። በዚ መሰረት፣ኣብ ሓደ ባይታ ኮፍ ኢልና'ውን ሓሳባትና ክንገልጽን ነብስና ክንምርምርን ጀሚርና ኣሎና።

እምብኣርከስ፣ እቲ ፈውሲ ተረኺቡ ኣሎ፡ ኣጠቃቅማኡ ግን ናይ ነፍሲ-ወከፍና ድሌትን ጻዕርን ተሳታፍነትን ይሓትት። ዝሰማዕናዮን ዝተሞከርናዮን ኣብ ግብርን መዓላን ኣውዒልና ብናብራና ወትሩ ሕጉሳትን ቅሱናትን ንኽንከውን ድማ ኣምላኽ ይሓግዘና።

ለቲ ሓድጉ